# ብዛዕባ እማመ ደው መበሊ ማኪና ከተማ ኮሎምቢያ ዝለዓሉ ተደጋጋሚ ሕቶታት - ድሩት ዞን ደው መበሊ ማኪና




### ድሩት ዞን ደው መበሊ ማኪና (RPZ) እንታይ እዩ፧

RPZ ኣብ ከባቢ መንበሪ ዝርከብ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኺይጸብብን ኩሉ ሰብ ንህዝባዊ ጐደናታት ብሚዛናዊ መገዲ ኺጥቀም ከኽእልን ተባሂሉ እተዳለወ ኣሰራርሓ እዩ። ኣብ ከተማ ኮሎምቢያ መበል 29 RPZ ኣብ ከባቢ ነቑጣ ቐሊል መስመር ባቡር ብ2009 እዩ ተመስሪቱ። ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ሲያትል ዝርከብ ናይ RPZ ከባቢ ብዝምልከት፡ SDOT ንኣብያተ ንግዲ ሰራሕተኛታተን ኺጥቀሙሉ ፍቓድ ሂብዎም እዩ።

### RPZ ብኸመይ እዩ ዝዓዩ፧

- መበል 29 RPZ፡ እቶም ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ካብ ሰኑይ-ዓርቢ፡ ሰዓት 7 ቅ.ቐ. ክሳዕ 6 ድ.ቐ. ኣብ ዘሎ እዋን ንልዕሊ 2 ሰዓት ማኪና ደው ከብሉ ዘፍቅድ እዩ። ሒደት ክሳዕ 4 ሰዓት ዝጸንሕ ብሎክ ኣሎ።
- ኣብ ውሽጢ ኸባቢ RPZ ዝነብሩ ተቐማጦ፡ እንተላይ እቶም ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ RPZ ምልክት ዘይብሉ ብሎክ ዝነብሩ ተቐማጦ፡ ናይ RPZ ፍቓድ ክረኽቡ ብቑዓት እዮም። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ብመሰረት እቲ ኣብ ውሽጢ ኣድራሻ RPZ ዞን እተመዝገበ ቑጽሪ ማካይን፡ ክሳዕ ኣርባዕተ ዝበጽሕ ፍቓድ ክረክብ ይኽእል እዩ። ብዘይካዚ፡ ሓደ ናይ በጻሒ ፍቓድ ክዕድግ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ውሽጢ RPZ ዝርከባ ኣብያተ ንግዲ ንሰራሕተኛታተን ፍቓድ ናይ ምዕዳግ ብቑዓት ኣለወን።
- እቲ ናይ RPZ ፍቓድ፡ ምስ ግዜ ዝተሓላለፈ ፍሉይ ዝኾነ ፍቓድ ዝህብ ነቲ ኣብ ውሽጢ መበል 29 ዝርከቡ ብሎክ ጥራይ ዝምልከት እዩ። ኣብ ካልእ ብሎክ፡ እቶም ፍቓድ ዘለዎም ናይ ግድን ነቲ ናይ ግዜ ውስንነትን ነቲ ኣብቲ ተጠቒሱ ዘሎ ድሩትነት እተገልጸ ኽፍሊትን ክስዕቡ ኣለዎም።

### እቲ ትልሚ እንታይ እዩ?

ብመሰረት እቲ ቐሪቡ ዘሎ እማመ፡ ኣብ ምብራቕ ዘሎ መበል 29 RPZ ናብ 42nd Ave Sን ደቡብ ናብ S Dawson St. ንምስፋሕ እዩ። ነቲ ቐደም ዝነበረን ሓድሽ ዝቐርብ ዘሎ እማመን ብዝምልከት ንምርኣይ፡ ነቲ ኣብ ዳሕረዋይ ገጽ ዘሎ ካርታ ርአ።

### ንዞን 29 ንምስፋሕን ነቲ ምስፍሕፋሕ ኣብዚ ብሎክ እዚ ንምግባርን እተወሰነ ስለምንታይ እዩ፧

- ብመሰረት እቲ እተገብረ መጽናዕትን ምርምርን፡ ሓደ ኻብቲ ኻባኻ ዝበጽሓና ተደጋጋሚ ሕቶ፡ ነቲ ዘሎ RPZ ናይ ምስፋሕ ዕዮ እዩ። ምሉእ መዓልቲ ማኪና ደው ከብሉ ዝኽእሉ እቶም ፍቓድ ዘለዎም ጥራይ ከም ዝኾኑ ብምግባር፡ እቶም ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት ድማ ኣብ መዓልታት ስራሕ ካብ 2 ሰዓት ንላዕሊ ማኪና ደው ከየብሉ ብምኽልካል፡ ኣብቲ ኸባቢ ዝያዳ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኽርከብ ይከኣል።
- ምምሕዳር ከተማ ሲያትል፡ እቲ ናይ RPZ ዞን ብኸመይን ኣበይን ክሰፍሕ ከም ዝግባእ ዝገልጽ መምርሒ ዝሓዘ እዩ። SDOT ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ምስ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ዝተሓላለዘ መጽናዕቲ ኣካዪዱ፡ መጽናዕቱ ዛዚሙ እዩ፣ እቲ መጽናዕቲ ኣየናይ ብሎክ ብዝያዳ ብዞሕ ጸዕቂ ናይ ማኪና ደው መበሊ ኸም ዘለዎን ካብቲ RPZ ናይ ምስፋሕ ዕዮ ክጥቀሙ ዝኽእሉ ቦታታት ምምራጽን እዩ።

### ነቲ ፍቓድ ንምርካብ ክንደይ እዩ ዝኽፈል፧

- ዋጋ እቲ ፍቓድ ንኽልተ ዓመት $65 ክኸውን ከሎ፡ ነቶም ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ብቑዓት ተቐማጦ ዝኸውን ናይ $10 እውን ኣሎ።
- ብመሰረት እቲ ናይታ ኸተማ ሕጊ፡ ነቲ መደብ ንምክያድ ዘድሊ ኽፍሊት ኣሎ። እቲ መደብ ንብምልእታ እታ ኸተማ ዘጠቓልል ስለ ዘይኮነ ከምኡውን RPZ ዝቐውም ብመሰረት ሕቶ ህዝቢ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ናይ RPZ ወጻኢታት በቶም ኣብ ውሽጢ RPZ ዝነብሩ ተቐማጦን በቲ ፍቓድ ንምርካብ ዝኽፈል ክፍሊትን ዝሽፈን ይኸውን።

### ብኸመይ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረክብ እኽእል፧

- ብዛዕባ RPZ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ www.seattle.gov/transportation/parking/parkingrpz.htm ርአ
- ብዛዕባ እቲ ኣብ ከተማ ኮሎምቢያ እንገብሮ ዕዮ ዝገልጽ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ www.seattle.gov/transportation/parking/cp_ColumbiaCity.htm ርአ

### ርእይቶ ኽህብ ወይ ሕቶ ኽሓትት ዝኽእል ብኸመይ እየ፧

- ናይ RPZ ኤክስፓንሽን ህዝባዊ ከይዲ ምስማዕ ኣብ ጁላይ 10 ሰዓት 6:00 ፒኤም ክሳብ 7:30 ፒኤም ኣብ ራይነር ኣርትስ ኦዲተርየም ኣብ 3515 S Alaska St ክገብር እዩ፡፡ ኣብዚ ኣኼባ ናይ ትርጉም ኣገልግሎታት ምስ እትደሊ ብኽብረትካ ኣቐዲምካ ኣዛርበና፡፡
- ናብ Columbiacityparking@seattle.gov ብምጽሓፍ ወይ ናብ 206-733-9026 ብምድዋል ክትረኽበና ትኽእል ኢኻ

Seattle Department of Transportation

TIGRINYA

## እዞም ለውጥታት መዓዝ ይፍጸሙ?

- ኣብ ጽድያ 2017 ክፍጸም ተተሊሙ ኣሎ።
- ናይ ፕሮግራም ሓበሬታ ኣብዚ ናይ ፕሮጀክት መርበብ ሓበሬታ ክልጠፍ እዩ።

